# ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)
# UNION OF TIGREANS IN NORTH AMERICA (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
utnaoffice@gmail.com

Tel. (202) 749-8609
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

09 ሰፕቴምበር ፣ 2020

ቤት ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ

## መግለፂ ሓጎስ ካብ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ

ምዝዛም ምሃብ ድምፂ መረፃ ትግራይ ምኽንያት ብምግባር ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተሰመዖ ልዑል ሓጎስ ክገልፅ ይፈቱ። ህዝቢ ትግራይ ነዚ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ብራኸ ንኽበፅሕ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ቃልሲ እንተካይድ ካብ ብሄራዊ መፅቀጥትን ሓራ ንኽወፅእን መሰል ዓርሰ ውሳነኡ ተጠቒሙ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ መራሕቱ ክመርፅን እዩ ነይሩ። መረፃ ትግራይ 2012 ነዚ ሕልሚ ግሁድ ዝገበረ ኣብ መዋእልና ዝተፈፀመ ህዝባዊ መድረኽ ኮይኑ ናይ ምድማፅ ከይዲ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ። ኣብዚ ከይዲ ዝተሳተፉ ብዓብይኡ ዓቕላም ሓፋሽ ህዝብና ህዝቢ ትግራይ፣ ነቲ መረፃ ኣብ ምፍፃም ዝርከብ ኮሚሽን መረፃ ትግራይ፣ መንግስቲ ትግራይ፣ ኣብቲ መረፃ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ተናሓናሕቲ ውድባት ፖለቲካ ትግራይን ሰላም ትግራይን ህዝባን ንምውሓስ ኣብ ሓለዋ ዝርከብ ሓይሊ ፀጥታ ትግራይን ዘለና ልዑል ምስጋናን ክብርን ንገልፅ። እዚ ሰላማዊ ከይዲ መረፃ ዓብዪ ትምህርቲ ሂቡ ዝሓለፈ ምኻኑ ነዚ መረፃ ትግራይ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ኮይኖም ደገፎም ዝገለፁ ኣሕዋት ህዝቢታት ከም ኣብነት ምውሳዶምን ናእዳኦምን ታሕዳሶምን ምግላምዖን ዓብዪ ምስክርነት እዩ። ብቐፃሊ ድማ መን ሲዒሩ ዝብል ብዘየገድስ እታ ዓወት ብሓፈሻ ዓወት ህዝቢ ትግራይ ምኻኑ ተረዲእና፣ ውፅኢት ብዝምልከቶ ኣካል ዕላዊ ተገይሩ ሕጋዊን ሰላማዊን ዝኾነ ስግግር ስልጣን ብምክያድ ክዛዘም ኩሎም መዳርግቲ ኣካላት ብህዝቢ ትፅቢት ዝግበረሎም ግቡኦምን ሓላፍነቶምን ክፍፅሙ ንፅውዕ። ሕዚ 'ውን ደጊምና እንኳዕ ሓጎሰና! ዓወት ንህዝቢ ትግራይ! ትግራይ መሪፃ! ትግራይ ትስዕር!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ